# ኣቶ በራኺ ገብረስላሴ ኣቦ ናጻ ፕረስ፡

ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ በዙሓት እንተዘይስውኡሉ፡ እንተዘይመቁሑሉ ህያው ኣምበይምኾነን።ሳላ'ቶም ከይተሓለሉ ዝተጋደሉ- ውልቃዊ ዋኒኖም ንድሕሪት ገዲፎም፡ እታ እንኮ ዝውንንዋ ትንፋሶምን ብሩህ መጻኢኦምን ዝወፈዩ ግን እቲ መስልን ክብርን ህዝቦም ዝደፈረ ገዛኢ ነበረያ፡ነበረ ኮይኑ።ስለቲ ክቡርን መዳርግቲ ዘይርከቦን ልግሶም ድማ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ንሓዋሩ ክዝከሩ ክነብሩ እዮም።እዚ ኩሉ ዝተኸፍለ መስዋእትን ዝሓለፈ ከርተትን ግን ንምንታይ ክምዝነበረ ሓተታ ዘድልዮ ኣይኮነን-ዝተደፍረ ክበርን ዝተዓመጸ መሰልን ንምምላስዩ። መሰረታዊን ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ክገሃስ ዘይግበኦ መርኣያ ምርግጋጽ መሰልን ክብርን ሓደ ሕብረተሰብ ድማ ነጻን ርትዓውን ፍርዲ ምዝህሉ እዩ። ሎሚ ግና ብኣንጻር ናይዚ ከሉ ዝተኸፍለ ዋጋ፡ እዚ መሰረታዊ መሰል ኣብ ሃገርና ሕልሚ ኮይኑ ከም ሳዕቤኑ ኣሽሓት ኣሕዋትን ኣሓተን ኣቦታትን ኣደታትን ብዘይዝኾነ ሕግን ግቡእ ፍረድን ኣብ ፈቀዶ ጎዳጉዲ ተደርብዮም ይርከቡ። ሓደ ካብዚኦም ተጋዳላይ በራኺ ገበረሰላሴ እዩ።

ተጋዳላይ በራኺ ገበረሰላሴ መን'ዩ?

ተጋዳላይ በራኺ ናብ ሜዳ ቅድሚ ምስላፉ መምህር እዩ ኔሩ። ክብሪ ህዝቡን ሃገሩን ክድፈር ዓይኑ እናርኣየ ሕልንኡ ዘለዘይዓረፈሉ ድማ ኣብ 1971 ናብ ቃልሲ ንሜዳ ኤርትራ ተሰሊፉ። ኣብዚ እዋን ድማ ሃለዋቱ ኣብ ዘይፍለጠሉ ጉደጓድ ተዳጓኑ ይረከብ። ምኽንያት ምድጓዩኑ ግን እንታይ ኮን ይኸውን? ልክዕ እቶም ዳጉኖሞ ዘለዉ ብዙሕ ናይ ቤላ ቤለው ወረ ዘርጊሖም ንበራኺን መሰልቱን እንሓነሳብ ምሰ ወያነ ተሓባቢሮም እንሓነሳብ ኣውራጃውያን እንሐንሳብ ናይ ደገ ሓይልታት መሳርሒ እናበሉ መናፈሕ ካብ ዝነፍሑ እነሆ ሓሙሽተ ዓመቶም።ነዚ ኩሉ ግን በራኺን መሰልቱን ልሳን ሓቒ ስለዝሓዙ ኣብ ጎዳጉዲ ኮይኖም ብመንፈስ ሓቂ ንሓሶትን ምድንጋርን ረቲዖሞ እዮም። በዚ ዝረዓዱን ሓቂ ዘይሐዙን ድማ ናብ ፍርድን ርትዕን ከቕርብዎ ይትረፍ ሃለዋቱ ውን ካብ ስደራቤቱን ፈተውቱን ሰዊሮሞ።

ተጋዳላይ በራኺ ኣብ ሜዳ ከም ተዋጋኣይን ኣዋጋኣይን ብጅግንነት ዝተቓለሰ ሰብ እዩ።ብዘይካዚ ውን ሓደ ካበቶም ቤትመህረቲ ሰውራ ዝመሰረቱን ኣብ ምምባላን ምስልጣናን ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ ምኳኑውን ኩሉ ተጋዳላይን ኣባል ቤት ምህረቲ ሰውራ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። በራኺ እምበእር ናይ ብሓቂ ሃገራውያን፡ ተብዓትን ፈተውቲ ሓቅን ዝኾኑ ዜጋታት ኣፍረዩ ኣዩ። ድሕሪ ናጽነትውን ኣብ ሚኒሰተሪ ትምህረቲ ኣብ ዝነበርሉ ጌዜ ከምዚኦም ዝበሉ ዜጋታት ብብዘሒ ንምምዕባል ከይተሓለለ ሰሪሑ'ዩ። ሓቀኛን ንፍትሒ ደው ክብል ዝኽእል ዜጋ ምፍራይ ዘይተዋሕጠሎም ጉሒላታት መራሕቲ ግን ካብቲ ቦታ ኣልዮም ናብ ሚኒስተሪ ዜና ቀየርዎ። ኣብዚ'ወን ሕልንኡን ዝተጋደልሉ ዕላማ ኣየረስዓን።

ፍትሒ፡ መሰልን ሐርነትን ብትኳቦ ከምዘይመጽእ ካባና ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንላዕሊ ዝፈልጥ የለን። ክንዲ ዝኾነ ተጋዳላይ በራኺ ብዙሐት ዝፈርህዎን ብዘይምዝራቦም ኦደዳ ስዒቡ ዝመጸ ከቢድ ክሳራታት ሃገር ከምትስከም ዝገበረ ጉዳይ ንናይ ቃልሲ

መንፈስ ናብ ህዝቢ ኣቕሪብዎ። ተጋዳላይ በራኺ ኣርሒቑ ዝጥምትን በዓል ዓቢ ልቦና ምንባሩ ዘርኢይ ፍጻመ ቅድሚ እዚ ኹሉ ዝሳዓበ ደርብርብ ክሳራታት ንእማመ ሰላም  ኣሜሪካን ርዋዳን ብመትከል ተቐቢልና ኣብ ኣተገባብርኡ ክንዋሳእ ይሓይሽ ብምባል ድምጹ ዘስምዐ እንኮ ሚኒስተር እዩ። ለበዋ ተጋዳላይ በራኺ ሰማዕ እዝኒ ረኺቡ እንተዝነብር፡ ስዒቡ ዝመጸ ድርብርብ ክሳራታት፡ ሂወትን ንብረትን  ብፍላይ ድማ እቲ መንግስቲ ኤርትራ ብሃታ፡ሃታ ዝኸተመሉ- ንሉኣላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘውደቐ ስምምዕ፡ ማለት ኣብ ውሽጢ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ፡ ሰራዊት ኤርትራ ዘይነቀሳቐሰሉ 25 ኪ.ሜ ናይ ጸጥታ ዞባ ንኽቐውም ዝብል ስምምዕ መልክዑ ምቐየረ ኔሩ ይኸውን።

በራኺ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝነበረሉ እዋን እንታይ ጌሩን ኣይገበረን ጸብጺብካ ኣይወዳእን፡ እስኪ ዓበይቲ ስርሓቱ ክንዝረብ። ተጋዳላይ በራኺ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ካብ ዝጅምራ ኣትሒዙ ዘርኣዮ ሓልዮታዊ ኣታኣላልያ እተን ጋዜጣኛታትን ኣሰናዳእተንን ናይ ባሓቂ ናእዳ መጎስን ዘውህቦ እዩ። ኣሰናዳእቲ ጌጋ ምስዝገብሩ ኣባታዊ ማዕዳን ተግሳጽን እንተዘይኮይኑ፡ ምግቡዕባዕን ምፍርራሕን ዘይሕውስ ሰብ እዩ። ማሕበር ጋዜጠኛታት ንክምስረት ዘፍቀደ፡ ጋዜጠኛታት ብሕቲ ነቲ ብምኒስትሪ ዜና ብምስምስ ሓገዝ ዝግበር ዝነበረ ሳንሱር ንክተርፈሎም ምስ ሓተቱ ብዘይዕጥይ ምጥይ ዘፍቀደ ሓቀኛ ተጋዳላይ እዩ። ከምቶም ታሪኹ ንምብላል ዝሓየርዎ ጸረ-ፍትሒ ዘይኮነ፡ በራኺ ኣብ ታሪኽ ናጻ ፕረስ ቀዳማይ ቦታ ሒዙ “ኣቦ ናጻ ፕረስ” እንዳተባህለ ንወለዶታት ክዝከር ክነብር እዩ።

ተጋዳላይ በራኺ እዚ ጥራይ ኣይኮነን ጌሩ፡ ነቲ መስከረም መጸት ሕቶቱኒ ክምልሰልኩም እንዳበለ ብሰብ ዘባጭውን ሕሱር ብዕሉግን ዘረባታት ተጋዳለይ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ‘ውን ህዝቢ ንከይክዕቦ ዝክኣሎ ዝተኸላከለ ሓላፍነታዊ ዜጋ እዩ። ብዙሕ ግዜ ነቲ “ሰንበት፡ ሰንበት ዲና በጊዕ ክንሓርደልኩም” ካልእን ዝብል መልሲ ብጻዩ ምስ ርኣየ፡ ክፋእ ብጻዩ ንክስተር መታን ቃለ-መሕትት ተማዓራርዩ ንኽወጽእ ዝገበረን ተጋዳላይ ክነሱ እምባኣርዩ። በቶም ክፍኦም ዝሰተሮም ብጻይ ዘይፈልጡ ጎሓላሉ ኣብ ጎዳጉዲ ተሓይሩ ዝርከብ ዘሎ።

ተጋዳላይ በራኺ ንምትእትታው ተጋዳላይ ኢሰያስ ኣብ ሚኒስትሪ ዜናን፡ ናጻ ፕረስን ስለዝሰርሐ ድማዩ፡ ሓደ ካብቶ ንወድሰ ንወዳድሰ፡ ኣያይ ወርቂ ሳዓቱን ዝኣመሉ ዘምህረት ዮወሃንስ ዝተተከአ። እዚ ግቡእ ዘይኮነ ኣተሓሕዛ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ደስ ስለዘይበሎ ድማ'ዩ ኣምባሳደር ጀርመን ክትከውን ኢካ ዝብል ትእዛዛ ተጋዳላይ ኢሰያስ ዝተቓወሞን “ብጋህዲ እስኻ መን ስለዝኮንካ ኢኻ፡ ስልጣን ክምድላይካ ተማቓርሕ” ብምባል እምቢ ንምልኪ ብምባል ንነዊሕ ግዜ ካብ ስራሕ ደው ዝበለ። ሓደራ ስውኣት ስለ ዝከበዶ ዕረ እንዳጣዓሞ ናብ ጀርመን ተበገሰ። ንፋልሉነትን ዘይሰነ-ምግባራዊ ኣተሓሕዛን ስልጣን ተጋዳላይ ኢሰያስን መሻርኽቱን ስለዝቃወም እዩ ድማ ሓደ ካብቶም ልዕልና ሕግን፡ መስርሕ ቅዋማውነት ዝጠለቡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝኾነ። እምቢ ንምልኪ ብምባል ካብ ብኣምባሳደርነት ዝሰርሓሉ ዝነበረ ሃገረ ጀርመን ተመሊሱ ንብጸቱ ዝረከበት ክትረክቦ ዝተመልሰን። እቲ ሕጂ ብምስሉይነትን ክድዓትን ስስዐን ተደይኑ ዘሎ ስእሊ ተጋደልቲ ዘይኮነ፡ ናይ ብሓቂ ተጋዳላይ ማለት ንብጻዩ ዘይጠልም ሓቀኛ

ኣብ ክንዲ ህዝቡ ዝሳቐን ሂወቱ ዘሕልፍን ጅግና ሙኇኑ ብተግባር ዘመስከረ በራኺ ገብረስላስ እንተበልና ካብ ሓቂ ምርሓቕ ኣይኮነን።

ተጋዳላይ በራኺ እምበኣር ድሕሪ ናጽነት ‘ውን ንዝተጋደለሉ ዕላማ ኣብ መፈጸምትኡ ንብጻሕ-ሐራ መሬት ኣውሒሱ ሐራ ሕብረተሰብን መሰል ዜጋታት እተሕሉ ኣብ ስርዓተሕግን ልዕልና ቅዋም እትኣምን፡ ዜጋታት ኮሪያም ዝነብሩላ ሃገር ኣብ ምውሓስ እናተቃለሰ እንከሎ እዩ ኣብ 18 መስከረም 2001 ግዳይ ናይ ዘይፍትሐውያንን ዓመጽትን ኮይኑ ሐሙሽተ ዓመቱ ተሸሪቡ ኣሎ።

ግደ ሐቂ ንምዝራብ መን'ዩ ተኣሲሩ? ንሱስ ካበታ ንሜዳ ዝወጸላ ሰዓት ሂወቱ በጂዋ'ዩ። ከምቲ ኣብ ኩሉ ቃልሲ ንሓርነትን ዲሞክራስን ዘጋጥም እዚ ናይ ታሪክ ጎሓፍ ኣብ ጋሓፍ ታሪክና ክድብተርዩ። እቶም ጀጋኑ ናይ ታሪክ ሓወልቲ ክስሓሎምዩ፡ ብዓል ጎማ ከብዶም ድማ መመሰሊ ግብረ-እከይ ኩኮኑ እዮም። እወ ድሮ እታሪኽ ስነድ ጀሚሩስ ታሪክ ኣፍ ኣወጺኡ ህንኹም ሓደ ብሓደ ጀጋኑኩም ይብለኩም ኣሎ። ዝተኣሰርና ግን ንሕና ህዘቢ ኢና። ብሰንሰለት በለካ፡ ለኸዓካ ተመቑሐወና፡ ብግዚያዊ ረብሐ ተደሊልና፡ ክቡር ባህልናን ባህሊ ኣቦታትና ነዋርደ ዘሎና።

ከምዚ ዝበለ ጅግና ንሐሙሽተ ዓመታት ብዘይፍትሕን ርትዕን ተዳጒኑ ንባዕሉ ኩሉ ዝውረን ቤላ ቤላውን ባይታ ከምዘይብሉ ዓቢ መርኣያ እዩ። እቶም ተኣሲርና ዘለና ደጊም ንሕና ኢና እሞ ፍትሒ ንውጹዓት ዓው ኢልና ንጠልበሉ እዋን ሕጂ እዩ። ካብዚ ናይ ምዕዛም ማእሰርቲ እንፍትሓሉ ጊዜ ኣኺሉ ኣሎ። እንተዘይኮይኑ ግን ንሕናውን ብስኞታና ተሐባበርቲ ክንከውን ኢና።